# <u>ህጹጽ ህዝባዊ ጸውዒት።</u>

ህዝባዊ ምንቅስቃስ ንሓድነትን፡ ፍትሕን፡ ድሕንነትን ኤርትራ ኣብ ከትማ ሰያትልን ከባቢኣን፡ ካብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ዘስካሕክሕ ዕንወት ሃገርን፡ ህልቂት ህዝብን ምኽንያት፡ ብምብጋስ፡ "ሕጂስ ይኣክል፡ ሕልናና ፈቲሸና ንተንስእ፡ ንበራበር፡ ነድሕን ሃገርና" ኣብ ዝብል ጭርሖ ብምምርኳስ ንኣብ ሲያትልን ከባቢን ዘሎ ሓፋሽ ህዝብና ብምጥርናፍ ብሓባር ኰንካ ብምቅዋም ፍታሕ ንምምጻእ ትጽዕርን፡ ትቃለስን ኣላ።

ህዝቢ ኤርትራ ነታ በማእተ- ኣሽሓት ዝኣክል ህይወት ህዝባን ፡ ብምልዮናት ዝቑጸር ንብረታን፡ ንዋታን ከፊላ ብ 1991 ዘምጸኣታ ነጻነት ሃገር ፈጺማ ከየስተማቐረታ ከላን፡ እቲ ኩሉ ዝነበረ ሃገራዊ ሕልምን ፡ ትምኒትን፡ ባህጊን፡ ብውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈርቂን፡ ውሑዳት ተሓባበርቱን ፡ንሕድሪ ሰውኣት ብጸቶም ብምጥላምን፡ ብምኽሓድን፡ ሰለ ዝተመንዘዔ፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገርና፡ ኣዝዩ ተበኪኑ ተሪፉ፡ ንታሕቲ ኣቢሉ ብቑጻልነት ኣና ኣንቆልቆለ ድሕሪ ምኺድ ከኣ፡ ኤርትራ ሃገርና ነጻ ሃገር እያ ኢልካ ንክትጽውዓ እውን ኣብ ዘጠራጥር ኩነታት በጺሓ ዘላ ።

እቲ ብውልቀ- መላኺ ኢሳያስ ዝምራሕ መንግስታዊ ቅዋም ዘይብሉ ሰርዓት፡ ንክፋል ህዝብናን፡ መንእሰያት ደቅናን፡ ብሰንኪ'ቲ ጽንኩርን፡ ዘስካሕክሕን ዝኾነ ዕለታዊ መነባብሮን፡ ፖሊቲካዊ ጭቆናን ምኽንያት፡ ሀገሮምን፡ ስድርኦምን ገዲፎም ከምዝባረሩ ብምግባር፡ ኣብ ፈቐዶ መዲተራንያን ብቐጻሊ ይጥሕሉን፡ ኣብ ሳይናይ መድረበዳ ይቕዘፉን ኣሎዉ። በዚ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ዘስካሕክሕ ቅትለት ኤርትራውያንን፡ ኢትዮጲያውያንን፡ ብኢድ ኣረሜናውያን ዝኾኑ "ኣይሰስ" ዝበሃል ዝመጻውዒያም ኣረሜናውያንን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ማዕበል ናይ መዲተራንያን ባሕሪ ዝጠሓሉ 350 ዝኣኸሉ ኣሕዋትናን ፡ ደቅናን ዝኸፍእ ኩነታት የለን። ይኹንምበር ነዚ ሕሱም ኩነታት'ዚ ውልቀ- መላኺ ኢሳያስን ሰዓብቱንከ እንታይ ርእይቶ ይህቡሉ ኣሎዉ ኢልና ምስ እንሓትት፡ ርእይቶን፡ መግለጺን ብዘይምሃብ፡ ብውሽጢ- ውሽጢ ንወልዲን፡ ንበተ- ሰብን ሓዘን ንኸይገብሩ የጠንቅቑን፡ የፈራርሑን ከምዘለዉ ይሕበር ኣሎ። ካብኡ ሓሊፉ እቲ ሰሮዓት ሂወት ናይቶም ዝሞቱ ዘይኮነ ፖለቲካዊ መልከዑ ከምዘገድ ብጋህዲ ን "መልከዕ ሃገርና ትድውኑ ኣለኩም" ኢሉ፡፡ መልከዕ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዘድወን ግን ልዕሊ 25 ኣመታት ኣሕሊፉ ኣሎ፡፡ ብኣንጻሩ ከኣ መላእ ህዝቢ ዓለም ብቅሉዕ ይዛረበሉን፡ ይሓዝኑሉን፡ ይጣበቐሉን ኣሎ። ተራናኸ ደኣ እንታይ እዩ ?

ብተወሳኺ ከኣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎ ህዝብና እንተኾነ በቲ ብቢዕለቱ ዘጋጥም ዘሎ ዘስካሕክሕ ማእሰርትን ፖለቲካዊ ራዕዲን፡ ጥሜትን፡ ህልቂትን፡ ምሉእ ህዝቢ ዓለም፡ ከብኸየሉን፡ ተቓውሞ ከርእየሉን ከሎ፡ ብኣንጻሩ ከኣ ካብ ደቂ ሃገር ዝኾንና ኤርትራውያን፡ ብቑዕ ዝኾነ ጥርናፈን፡ ተቓውሞን፡ ርህራሄን፡ ተሓባበርነትን ነርኢ የሎናን። እዚ ዘሕዝንን፡ ዘሕፍርን ድኽመት እዩ። ኣብ ገሊኡ ሸነኻትና"ውን ኣብ ከንዲ ኣውያትን፡ ጸሎትን፡ ምህለላን ነርኢ፡ ኣብ ፈቐዶ ጓይላን፡ ዳንከራን ጥሒልና ንርከብ ስለዘሎና፡ ህዝብና ብሰንኪ ተጠርኒፉ ዘይምጽናሑ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምክፍፋልን፡ ደም ናይ ምፍሳስን ቅድሚ ምብጻሕና፡ ተጠርኒፍና ንናይ ሓባራዊ ሽግርና ናይ ሓባር ፍታሕ ንክንረኽበሉ ናይ ኩልና ናይ ሞራልን፡ ሕልናን ሓላፍነት እዩ።
ብካሊእ ሸነኻት ናይ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ከንዕዘብ ከሎና ከኣ፡ ባኣሽሓት ዝቑጸሩ ክፉላት ህዝብና ብዘይተገልጸ ምኽንያት ኣብ ኩሉ ቤተ-ማእሰርቲ ኤርትራን፡ ኣብ ጩራ ጸሓይ ዘይብሉ ፈቖዶ ጎዳጉዲን ፡ ብዘይ ፍርዲ ንብዙሓት ዓመታት ዝኣክል ይሳቐዩ ኣሎዉ። ንሕናኸ ብዛዕብኡን ፡ ብዛዕባ'ቶም ዝተረፉ ካልኦት ዓበይቲ ሽግራት ሃገርና እንታይ ዓይነት ናይ ተቓውሞ ተራ ተጻዊትና ንፈልጥ? ነዘን ሕቶታት እዚኣተን ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ መልሲ ክህበላ ይግባእ።

ብተወሳኺ ከኣ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ርእሲ ወተሃደራትን፡ ከፍለ ሃገራዊ ጸጥታን ኤርትራ ፡ ፈጺሙ እምነቱ ስለዘጥፍኤ ብታቓወምቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝብል ጉልባብ ዝፍለጥ ዕሱብ ወተሃደራዊ ስርዒት (ደምሒት) እዩ ዝሕሎ ዘሎ። እዚ ዕሱብ ወታሃደራዊ ስርዒት'ዚ ኣብ ርእሲ ህዝብና፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮና ፡ ብዙሕ ግፍዕታት ይፍጽም እሎ። እቲ ቀንዲ ዕላምኡ ንሰርዓት ኢሳያስ ንምክልኻል ስለዝኾነ፡ ዝኾነ ንመንግስታዊ ንሰርዓት ኢሳያስ ዝቃወም ወትሃደራዊ ሓይሊ መስዘትንስእ ፡ ንኽምክቶ ቅሩብ ከምዝኾነ ዘየጠራጥር ሓቂ እዩ፡ ንምምካት'ዚ ዕሱብ ወተሃደር'ዚ ከኣ ናይ ነፍስ-ወከፍ ኤርትራዊ ሞራላዊን፡ ሃገራውን ሓላፍነት እዩ።

እብ'ዛ ጽንከርቲ ዝኾነት ናይ ዕንወት ሃገርናን፡ ህልቂት ህዝብናን ግዜ'ዚኣ በቲ ካብ ኣቦታትና ዝወረስናዮ ቅኑዕ ባህልና ዝሕብሮ መሰረት፡ መራሕቲ ሃያምኖትናን፡ ዓበይቲ ዓድናን፡ ናይ መሪሕ ተራ ክጻወቱ ስለ ዘሎዎም፡ ማሕበር፡ ንሓድነትን፡ ፍትሒን፡ ድሕነትን ኤርትራ፡ ብሕልፊ'ኳ ንመራሕቲ ሃይማኖትና መሪሕ ተራ ንኽጻወቱ ህጹጽ ጻውዒት ትገብረሎም ኣላ። ፍሉይ ሕቶን፡ ርእይቶን፡ ለበዋን፡ ምስ ዝህሉ ከኣ ኣብ 206 334-3554 ወይ ከኣ 206-271-3656 ብምድዋል መልሲ ክርከብ ይከኣል እዩ።

ዘለዓለማዊ ዝኽሪ ንሰወኣትና !!

ህዝባዊ ምንቅስቃስ ንሓድነትን፡ ፍትሒን፡ ድሕነትን ኤርትራ ኣብ ሲያትልን ከባቢኣን።